*ፍትሐዊ ቃልሲ ክተዕውት‘‘ዓይኒ ኩዳዓት‘‘ኣተኩርካ ጠምት‘ መንዩ ገዛና ከይነጽሪ ዝኸልከለ‘‘መንዩ ሐቀኛ‘‘ መንዩ መዳናገሪ‘‘ክበርሀዩ ፍትሒ ነጊሱ ምስ ወግሔ‘‘ትጸቢት ገዲፍና‘‘ንድሕነት ህዝቢ ንበገሰ‘‘ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ሕልሞም‘‘ብዙሐት እዮም‘‘ ደለይቲ ፍትሒ ሸሞም‘‘ልሳን እንበር ግብሪ ዘይዓደሎም።*




*መራሒ ማፍያዊ ጉጅለን‘‘ሰድራቤቱን‘‘ብኣማኢት ምልዮናት ዶላር‘‘ገንዘብ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘሚትካሰ‘‘ ሐሶትን ጃንዳ ህግደፍን‘‘ሰድራ ድያብሎሰ‘‘ሐምሳ ሺሕ ናቅፋ ኣወፍዮም‘‘ ግርም ዘረባ‘‘ሳባ ተናዘዙ እባ።*

*መራሕቲ ዓለምና ጸረ ቫይርሰ ኮሮና‘‘ህዝቦም ከድሕኑ ይጓየዩ ንርኢ ኣለና‘‘መራሕቲ ጃንዳ ህግደፍ ግና‘‘ንህዝቢ እንዳበሉ ሐግዙና‘‘ገንዘብ ናብ ካዝና‘‘ብዘይ መድሃኒት ሕክምና‘‘ ከጽንትዎ ንህዝብና።*

*ሰለምንታይ ዩ ክሳብ ሎሚ‘‘ፍትሐዊ ቃልሰና ናብ ዓወት ዘይበጽሐ‘‘ግብሪ ኣልቦ ዘረባ ሰለ ዝበዝሐ‘‘ዓውዲ ብዘይ መሰኤ ሰፍኢ ምሔ‘‘ ይካኣል ዶ ምህርትን ሐሰርን ክፍለ‘‘ ብግብሪ እንበር ብዘረባ ኣይኮነን ዝወግሔ‘‘ኣነ ይፈፈጥ ህዝቢ እንዳ ጠፍኤ።*

*ጃንዳ ህግደፍ ከይበሉ ፋሕ‘‘ኢሰያሰ መይቱ ኣይመይቱ‘‘ ሸጋርና መዓሰ ይፍታሕ‘‘ክንደይ ግዜ ክትብሉና ከይመተ መይቱ‘‘ታሪኽ ኣይምሕርንዩ‘‘ኢሰያሰ በይኑ ኣይኮነን‘‘ ሰልጣን ህዝቢ ኤርትራ ገቢቱ‘‘ብዙሐት እዮም መሻርኽቱ‘ ምሱኡ ዝሕተቱ።*

*ዕምሩ ክሐጽር ተጸፍዩ ዝጸንሐ‘‘ንበገሰ ንዳግማይ ትንሳኤ‘‘ ኤርትራ ዓዲ በዓል ጥሕሻ ከምዘይ ነበርኪ‘‘እንታይ ደኣ‘‘ መፍተት ጃንዳ ህግደፍ ኮንኪ‘‘ዓዲ ጀጋኑ ህግደፍ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዶም ክዋገዩልኪ‘‘ዋዕራታትን ሐርበኛታትን ደቂ ኤረ‘‘ ናብ ግብሪ ንሰገር ያኣክል ወረ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞጎሰን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ሰዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ብኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን።*